**Ass. of Disabled Eritreans** **Ass. Erythréenne d’Invalides**
**ADE** **A.E.I.**

# ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።

## ኣገዳሲ ሓበረታ ንኩሉ ኤርትራዊ። 29.03.2010

ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ብዕሊ ኣብ ሃገር ፈረንሳ ካብ ዝምስረት እነሆ 7 ዓመታት ኣሕሊፉ። ጨናፍሩ ከኣ ኣብ ሱዳንን ጀርመንን መስሪቱ ይርከብ። ሎሚ ዓመት ከኣ ኣብ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ንምምስራት እነሆ ይዋደድ። ንዓወቱ ከኣ ፍጹም ምጥርጣር የብሉን። ምኽንያቱ ከኣ እቲ ዕላማኡ ቁዱስን ሰብኣውን ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ነጻን ንኹሉ ዘሳትፍ ሃገራዊ መርሆ ዝዓተረ ስለዝኾነን ኢዩ።

እቲ ማሕበር ካብ ዝምስረት ሓያሎ ኣገደስቲ ፍርያት ኣመዝጊቡ ኢዩ። ጕዳይ ዓቕምን ኣኽእሎትን እንተዘይኣሳናኺሉና ፡ ማሕበርናስ ንኹሉ ፡ ብፍላይ ከኣ ነቶም ኣጸቢቖም ዝተሃስዩ ኣካለ-ጽጉማን ኤርትራውያን ዘይረድኣሉ ምኽንያት የለን። ብመሰረቱ ከኣ እቲ ማሕበር ፖለቲካዊ ማሕበር ዘይኮነስ፤ ሕብረተ- ሰባዊ ማሕበር እውን ኢዩ። ዝኾነ ኤርትራዊ፤ ፖለቲካዊ መንነቱ ብዘየገድስ ክሳተፎ መሰሉ ኢዩ። ኩሉ ኤርትራዊ ክካፈሎ ዝምረጽ እውን ኢዩ።

ማሕበርና፤ ምስ ተበግሶ ሕዳር 2008 ብምትሕብባር፤ ኣብ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ከምኡውን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዓለም ብምርኻብ ክሰርሕ ከምዝጸነሐ ዝዝከር ኢዩ። እቲ ተበግሶ ብፍሉያት ጉዱሳት ውልቀሰባት ጀሚሩ ክሳብ ዝሰፍሐ ህዝቢ ክጥርንፍን ንማሕበርና ብገንዘብ ክረድእን በቒዑ ኢዩ። እዚ ከኣ ብነጻ ሓላፍነታዊ ድልየቱ ኢዩ ነይሩ። ንማሕበርና ከኣ ዓቢ ተስፋን ሓልዮትን ኰይንና ኢዩ። ሕጂ ከኣ ብሓባር ኣሳናዳዊት ሽማግለ ካብ ህዝብን ካብ ማሕበርን ብምርጃሕ ንናይ ክፍሊ ሰሜን ኣመሪካ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን  ንምድላው እነሆ ኣብ ተሪር ቃልሲ ተጸሚዶም ከምዘለዉ ትካታተሉ ትህልዉ። ማሕበርና ንስራሖም ምትብባዕ ድኣምበር፤ ኣብ ውሽጢ ስራሓቶም ፈጺሙ ኢዳ ከምዘየእቱ ዝምስከር ኢዩ። ኣሳናዳዊት ሽማግለ ግዜን ቦታን ናይ መስራቲ ጕባኤ ወሲና ከምዘላ ፈሊጥኩም ኣለኹም።ንሱ ከኣ ኣብ ከተማ ሺካጎ ንሓምለ ዕለት ሰለስተን ኣርባዕተን  ( 3-4 / 07/ 2010 ) ምኻኑ ኢዩ። ኣብዚ ታሪኻዊ ናይ መመስረቲ ጉባኤ እዚ ንኽትካፈሉ ብኽብሪ እንዓዓደምና፤ ንተግባራዊ ዕድመ ብዝምልከት ግና ምስ ኣሳናዳዊት ሽማግለ ክትራኸቡ ኣለኩም። ኣካል ናይቲ ማሕበር ኰንኩም ከተማዕብልዎ ከኣ ንትስፎ። ገለ ካብ ኣድራሻታት  ኣሳናዳዊት ሽማግለ ብዝምልከት  ከኣ  እነሆ።

1.**Tzegai Negash at (303) 665-1005, email : tsawa@aol.com** **OR**
**2.Zehaye Araya home : 847-485-8379 after 9 pm (CST) work : 847-618-6284 9am - 9pm**
**3.Tesfaldet Abraham at ( 773 ) 550-8433, email : adal.t.61@gmail.com**




## ምምሕዳር ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።